# ሰንበት ዘኒቆዲሞስ 2018 ዓ.ም.

## መጋቢት 20 2018 ዓ.ም. (March 29 2026)

### መንግሥቲ ኣምላኽ ርኢኻ ምኽኣል

**መዝሙር፡** ሖረ ኀቤሁ ዘስሙ ኒቆዲሞስ ወይቤሎ ለኢየሱስ...ኒቆዲሞስ ዝስሙ ናብ ኢየሱስ ከደ ረቢ ሊቅ ንስኻ መምህር ኮንካ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጻእካ ንሕና ብኣኻ ንኣምን ኢና ከም ወዲ ኣምበሳ በጥ ኢልካ ደቂስካ ብትንሣኤኻ ኣተንስኣኒ።

**ንባባት:** ሮሜ 7፡1-14፥ 1ዮሓ 4፡1-10፥ ግ.ሓ.5፡34-ፍ፥ ዮሓ 3፡1-21።

**ምስባክ፡** ሐወጽከኒ ሌሊተ ወፈተንኮ ለልብየ፥ ኣመ ከርከኒ ወኢተረክበ ዓመጻ በላዕሌየ፥ ከመ ኢይንብብ ኣፉየ ግብረ እጓለ እመ ሕያው። ንልበይ ተዓዘብካዮ ብለይቲ በጻሕካዮ፥ መርሚርካንስ ገለ ክፉእ ኣይረኸብካን፥ ብኣፈይ ከም ካልኦት ሰባት ክፉእ ኣይዛረብን እየ መዝ. 17፡3።

ናይ ሎሚ ሰንበት ዘኒቆዲሞስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኒቆዲሞስ ሓደ ካብቶም ምሁራት ብሕግን ስርዓትን ኣይሁድ ብጊዜ ኢየሱስ ዝነበረ እዩ። ንሱ ኣብ ትምህርትን ግብርን ኢየሱስ ናይ ኣምላኽ ነገር ርእዩ ዝኸኣለ ሰብ እዩ ነሩ። ነዚ ዝኣመኖ ከረጋግጽ ብለይቲ ኣብ ኢየሱስ መጺኡ ይብለና ወንጌል። ኒቆዲሞስ በቲ ብዛዕባ ኢየሱስ ዝሰምዖ ዝነበረ ተደኒቑ ነበረ ንኢየሱስ ክረኽቦ ብዙሕ ጊዜ ይደሊ ነበረ እንተ ኾነ ኣባል ናይ ቤት ምኽሪ እሞ ሕፉር ስለ ዝነበረ ንኢየሱስ ብግልጺ ብቐትሪ ክረኽቦ ይደሊ ኣይነበረን። ለይቲ ተሓቢኡ ኣብ ጽምዋ ክረኽቦ ደልዩ። ኣብ ኢየሱስ ቀሪቡ እምብኣር ንሓቂ ክፈልጥ ክሓትት ጀሚሩ ኢየሱስ ካብቲ ዝበሎ ሓደ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣምን ዘበለ ኹሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ኽሳብ ዝህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ፥ ምኽንያቱ ኣምላኽ ንወዱ ኣብ ዓለም ዝልኣኾ ዓለም ብእኡ ምእንቲ ኺድኅን እምበር ንዓለም ኪፈርድ ኢሉ ኣይኮነን እናበለ ናቱ ኣብ ዓለም ምምጻእን ደቂ ሰብ ዝተዋህቦም ጸጋ ርእዮም ክኽእሉ እንከለዉ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ከምዝኣትዉ ገሊጹሉ።

ኢየሱስ ንኒቆዲሞስ ኣምላኽ ንኹልና ደቂ ሰብ ከምዘፍቅር ገሊጽሉ። ኣብ ቀንዲ ትምህርቲ ወንጌል እንተ ርኤና ርክብ ኣምላኽ ምስ ፍጥረቱ ኣብ ፍቕሪ ዝተመስረተ እዩ። ብዙሓት ከም ዝሓስብዎ ወይ ዝኣምንዎ ኣብ ጥርጠራ ወይ ኣብ ምኹናን ዝተመስረተ ኣይኮነን። ንዓለም ዋጋ ከምዝህልዎ ዝገብር እቲ ዘይልወጥ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ። ንነፍስወከፍና እቲ ሓቀኛ መንነት ወይ እንታይነት ከም እንለብስ ዝገብረና ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝተመስረተ እዩ። ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ግሉጽ እዩ ምኽንያቱ ኣባና ዘሎ ኃጢኣትን ኩሉ ጉድለታትን ክፍኣትን ርእዩ እንከሎ የፍቅረና። እዚ ፍቕሪ ኣምላኽ ኃጢኣት ብምግባርና ካባና ዝርሕቕ ወይ ዝፍለ ኣይኮነን፥ ኣብቲ መጠን ሕይወት ዝተሓዋወሰ ዝኾነሉ ኣብኡ ብዝያዳ ፍቕሪ ይርእ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ሙሴ ምስ ኣምላኽ ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ዝርርብ ከም ዝገልጾ ደቂ እስራኤል ደጋጊሞም ክኃጥኡ እንከለዉ ኣምላኽ ግን ኣይሓደጎምን። እቲ ዝተደጋገመ ውድቀቶም ንፍቕሪ ኣምላኽ ክቕይሮ ኣይከኣለን። ዝገበሩ ይግበሩ ኣምላኽ ፍቕሩ ኣይጕደለን። እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን እንርእዮ ፍቕሪ ብዓቢኡ በቲ ሓደ ወዱ ገሊጽልና። ሓንቲ ዝገበርናዮ ዘይብልና እንከሎና ኣምላኽ ፍቕሩ ገሊጹ ደቂ ድኅነት ገሩና። ንወትሩ ናቱ ኮና ክነብር ፍቕሩ ገሊጹልና። እዚ እዩ ኢየሱስ ንኒቆዲሞስ ዘስተምሃሮ። ኣብቲ ዝርእዮ ኣሚኑ ክነብር ኣፍደገ ከፊትሉ።

ሎሚ እንነብሮ ሕይወት ብዘየገድስ አምላኽ ከም ዘፍቅረና ክንፈልጥ እሞ አብ ሕጉን መገዱን ክንምለስ ይድለየና አሎ። አምላኽ አየፍቅረንን እዩ አምላኽ አይሰምዓንን እዩ ኢልና ተስፋ ከይንቖርጽ ከምኡ ዛሕሊ መንፈስ ወሪሱና አብ ጸልማት ከይንነብር ካብ ዘሎናዮ ጽልግልግ መንፈስ ወጺእና አብ ፍቕሪ አምላኽ ክንምለስ ኒቆዲሞስ አብነትና እዩ።

## ፍቕሪ አምላኽ ኩሉ ጊዜ አሎ፡

ሓደ ካብቲ ምስጢር አምላኽ ኩሉ ጊዜ አብ ፍቕሩን አብ ተአማንነቱን ጽኑዕ ምዃኑ እዩ። ዓለም አብ እከይ እናነበርት እንከላ አምላኽ ካብ ምፍቃራ አየቋረጸን። ብርድኢት ሰብ ናይ አምላኽ ፍቕሪ ከመይ እዩ ስለምንታይ የፍቅር ክትርድኦ ከቢድ እዩ። ወላ አብቶም ዘየፍቅርዎ ፍቕሩ ይቕጽል። ዝዓበየ ዘየቋርጽ ፍቕሪ አምላኽ ንዓለም ዝተራእየሉ አብቲ ንሓደ ወዱ ክልእኽ እንከሎ እዩ። ወልድ ዘርአዮ ዓቢ ፍቕሪ አብቲ ዝለዓለ ፍቕሩ ዝጎደሎ እዩ ተገሊጹ። በቶም ዘፍቅሮም ንሞት ተፈሪዱ። ፍቕሪ አምላኽ ንሞት ወዱ ሕይወት አልቢስዎ ንሱ ካብ ሞት አተንሢኡ መንፈስ ቅዱስ ልኢኹ እዚ ኸአ አብቲ ቀንዲ ሕይወት አምላኽ ክፍሊ ምእንቲ ክንረክብ ዝኾነ እዩ። እግዚአብሔር ፍቕሪ እዩ።

ፍቕሪ አምላኽ አብ ባህሪኡ ስለ ዝኾነ መሰረቱ ንኹሉ ጊዜ ህያው እዩ ምስ ኩነታት አይቅየርን እዩ። ብተመክሮ ከም እንርእዮ ሓደ አብ ሕይወትና ዝበዝሐ እንሳቐዮ ነገር እንተሎ ጉድለት ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ናይ ኩሉ ቅሳነትን አብ ሕይወትና ርግአት ዋሕስ ዝህበና ፍቕሪ ምስ ዝህሉ ጥራሕ እዩ። ፍቕሪ ካብ ኩሉ ዝዓበየት ዝገብራ ንሳ ልዕሊ ጽልእን ቂምን እያ አምላኽ ዝምሕረና ይቕረ ዝብለና ወላ እውን ዘይምሓር ነገር ገርና እንተ ኾና ስለ ዝፍቅር ጥራሕ እዩ። ንሕና ሰባት ንፍቕሪ ብምልአት አብ ሕይወትና ክንለብሳ አይንኽእልን ኢና፥ ግን ሕይወትና አብአ ጥራሕ እዩ ምልአትን ዕግበትን ዝለብስ። ቅ.ጳውሎስ ከምዝብሎ ብፍቕሪ ንበሩ እሞ ጎይታ ፍቕሪን ሰላም ዝኾነ አምላኽ ምሳኹም ክነብር እዩ (ሮሜ 8፡14-18) ይብለና።

አብ ስላሴ አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ እንርእዮ ርክብ፥ ርክብ ፍቕሪ እዩ። አብኦም ምልአት ፍቕሪ አምላኽ ንርኢ። እዚ አብቶም ጸጋ አምላኽ ዝለበሱ ሰባት ክረኽቡና ከዕልሉና እንከለዉ እውን ብቐሊል ክንርእዮ ክንምከሮ ንኽእል። መንፈሱ/ሳ ርዝነቱ/ታ ዘረብኡ/አ ክፍተወካ እናበልና ፍቕርና ሓጎስና አብኦም ንገልጽ። ኩሉ ንመጀመርያ ጊዜ ዝተመከርናሉ አብ ወለድና እዩ ንሶም ዘርአዩና ንነፍስወከፍና መሰረት ናይ ሕይወትና እዩ። ዘርኢ ፍቕሪ መጀመርያ አብቲ ወለድና ዘርአዩና ዝሃቡና እያ እትጅምር። እሞ ሎሚ ንደቅና እቲ ዘድልዮም ፍቕሪዶ ንህቦም ነውርሶም አሎና። እዚ ንክርስትያናዊ ሓላፍነትና ብቐሊል ክንሓስበሉ የዘኻኽረና።

## ዝወረስካዮ ምርሳዕ፡

እዋና ሓደ ካብቲ መለለይኡ ነቲ ወለድና ዘውረሱና ሰናይ ፍቕርን ባህልን ስነስርዓትን ዘንጊዕናዮ ንርከብ። ብዙሓት ነቲ ካብ ወለዶም ዝወረስዎ እምነት ከምኡ ስነ ስርዓት ከም ድሑርን ግጉይን ጌሮም ወሲዶም ሎሚ እየ ንሓቂ ረኺበያ እናብሉ ዝዛረቡ ውሑዳት አይኮኑን። ዝገደደ ንእምነቶም አብ ዕዳጋ አውሪዶም ዝርከቡ ብዙሓት እዮም። ጓይላ ጥዑም እዩ እቲ ጸገም ግን ጓይላ ንግዚኡ የዘናግዓካ ቀጺሉ ግን ሓጎስ አይህበካን እዩ እዚ ናይ ዘመና ፈተናታት አብ ዛሕሊ እምነት ከምኡ ንእምነት ከም ዝደልየካ ገርካ እና ተርጎምካ ዝርአ ዘሎ ንሓቀኛ ፍቕሪ አምላኽ ከምኡ ንሓቀኛ መገዲ አምላኽ ዝሰሓተ ልቢ ዝፈጥሮ እዩ።

## አብ ኢየሱስ ንመለስ፡

ኒቆዲሞስ ንሓቂ ክረክብ እምነትን ክረክብ አብ ኢየሱስ መጺኡ ዝነበሮ ድንቑርና ከጥፍእ ኢሉ ብእምነት ሓቲቱ። ኢየሱስ ካልእ አይበሎን ክመብሓዲሽ ተወለድ ኢልዎ። ንዝነበረካ ሓዲግካ

አብቲ ሓቂ ተመለስ። ኒቆዲሞስ እምነት ነርዎ ብዓቕሙ ምሁር እዩ ነሩ እንተ ኾነ ንሓቂ ክረኽባ አይከአለን ነሩ በዚ እዩ አብ ኢየሱስ መጺኡ ጸገሙ ዝገለጸ። ሎሚ አብ ሕይወትና አቲና ጸገምና ነለሊ እሞ አብ ኢየሱስ መጺእና ንሕተቶ። ንሱ ካብ ዘሎኽምዎ ሕይወት ከም ብሓዲስ ተወለዱ ብኃጢአትኩም ተአሚንኩም ሕይወትኩም ቀይሩ ክብለና እዩ።

ዝኾነ ሕፃን ክዓቢ ፍቕሪ ወለዲ አብ ሕይወቱ ቀንድን መሰረታውን እዩ። ፍቕሪ ወለዲ ዘይተፈልዮ ሕፃን አብ ጉዕዞ ሕይወቱ ዝኾነ ጸገም ወይ ፈተና እንተ ተጓነፎ ከምዝስዕሮ ርግጽ እዩ። ንሕና ኩልና ደቂ አምላኽ ኢና ፍቕሪ አብ ቀጻሊ ዕብየት አብ ቅድስና ርእስናን ወሳኒ እዩ። አብዚ ግን ንሕና እውን ክንጻወቶ ዝግብአና ተራ አሎና። ሓደ ካባና ካብቲ ንስድራቤትናን ንማሕበርና ቦታ ፍቕሪ አምላኽ አብኦም ከምዝርአ ካብ ዝዓግቶም ነገራት ደው ካብ ምባል ክንደክም የብልናን። በብዓቕምና ፍቕሪ አምላኽ ብዝርኢ ግብርና ክዓብን ክስስንን ክንሕግዝ አሎና። ቅ.ጳውሎስ ነቶም አብ መንግኦም ፍልልይ ፈጢሮም ንዝነበሩ ሰብ ቀሮንጦስ ክጽሕፈሎም እንከሎ ብሓድነት ንበሩ፥ ብሰላም ንበሩ አምላኽ ፍቕርን ሰላምን ከአ ምሳኹም ክኸውን እዩ ይብሎም።

አምላኽ ካብ ምፍቃርና ደኺሙ አይፈልጥን፥ ፍቕሩ ዘለዓለማውን ዘይውዳእን እዩ። ከም ደቂ ሓደ አምላኽ መጠን ካብ ፍቕሩ ምድላይ ወላ ሓንቲ መዓልቲ አቋሪጽና አይንፈልጥን ምኽንያቱ ፍቕሩ ምሳና እንተ ዘየሎ ሕይወት የብልናን። ነዚ ኩሉ ጊዜ ዘፍቅረና አምላኽ ፍቕርና እንገልጸሉ ንኸማና ዝበለ ሰብ ክነፍቅር እንከሎና ጥራሕ እዩ።

አብዚ እዋን ጾም ፴ ዝዓበየ መልእኽቲ አብ ፍቕሪ አምላኽን ፍቕሪ አሕዋትን/አሓትን ክንምለስ እዩ። ዘየፍቅር አምላኽ አብእዩ የለን ይብለና ቅ. ዮውሓንስ። አምላኽ ምሳና ክህሉ እምብአር ንፍቕሪ ሃሰስ ክንብላ ይግባእ። ሓውና ሓፍትና ተባኢሶምና እንከለዉ ፀሓይ ከይትዓርበና ንጠንቀቅ። ምስ ኒቆዲሞስ ኮና ንመምህር ፍቕሪ ዝኾነ ክርስቶስ አምላኽና አብ ገዝኡ አብ አሕዋትና አብ ቍምስናና ክንረኽቦ ንጽዓር። ሰብ ንኸምኡ ዝበለ ሰብ ከየፍቀረ ክነብር እንከሎ ቅሱን ሕይወት የብሉን።

ፍቕሪ ክብሃል እንከሎ ንግዳማዊ ውቃቤ ወይ ሰናይ ነገር ጥራሕ ዝርኢ ዘይኮነ ነቲ ብውሽጥና ዝግለጽ ፍሉይ ርክብ እዩ ዘስምዕ። ሰብ ንዝኾነ ካልእ ፍጡር ዘርእዮ ፍቕሪ አሎ፥ ንኸምኡ ዝመስል ሰብ ዘርእዮ ፍቕሪ አሎ፥ ንአምላኽ ዘርእዮ ፍቕሪ አልኦ። ፍቕሪ አምላኽ ብግሪኽ አጋፐ ይብሃል እቲ ካልእ ፍቕርታት ፊሊያ ኤሮስ ዝብል ስም ይውሃቦ። አብ ቋንቋና ንኹሉ ፍቕሪ ንብሎ እዚ ግን ዘጋጊ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሎሚ ብዝያዳ ክነተኩሮሉ ዝድለ ዘሎ ፍቕሪ አምላኽ አቐዲምና ክንክእል። ንአምላኽ አብ ሕይወትና ቦታ እንተ ዘይሃብናዮ ሕይወትና ቅሱን አይክኸውንን እዩ። ስለዚ አብ አምላኽ እንምለሰሉ መገዲ ነናዲ።

ንርእስና ጊዜ ንሃባ እሞ ሕይወትና ንገምግም። ከመሎኹ ምስ ሰባት ከመሎኹ፥ እንታይ ዓይነት ሕይወት እመርሕ አሎኹ። ብሕይወተይ ዝዕንቀፉ አለዉዶ? ኢልና ንርእስና ክንሓትት ጽቡቕ እዩ። እንጉዓዞ ዘሎና መገዲ ከይፈለጥና መጨረሽታና ክንፈልጥ አይንኽእልን ኢና። ዘስተውዕል ሰብ ክርኢ አይከብዶን እዩ። እምብአር ከም ኒቆዲሞስ ኢየሱስ ንጸልማት ቀንጢጡ ሓዲስ ብርሃን ከልብሰና መጺእና ከብርሃልና ንለምኖ።

አብ ኩሉ ጉዕዞ ጾምና ብርሃኑ ልኢኹ ድኽመትና ኃጢአትና ርኢና እንኽእለሉ እሞ እንንስሓሉ ጸጋ ይዓድለና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ